# ክንክን ጥዕና ነፍሰ-ጾራት፡ ሓራሳትን ዕሸላትን ኣብ እዋን ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19

መሓሪ ዘርኢጋብር (ፋርማሲስት)



## መእተዊ

ኣብዚ እዋን ብዛዕባ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ምስ ኩነታት ነብሰጾር ኣዴታት ብምትሕሓዝ ዘሎ ሓበሬታ ኣዝዩ ድሩት እዩ። እዚ ይኹን እምበር፡ ነብሰጾር ኣዴታት ብካልእ ምኽንያት (እንፍሉወንዛ ወይ ካልእ ዓይነት ኮሮና ቫይረስን) ንዝስዕብ ሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ ዝተቓልዓ ምኳነን ኣቐዲሙ ዝተመዝገበ ሓቂ እዩ። ስለዚ ነብሰ ጾር ኣዴታት ካብ ሓደጋ ሕማም ኮቪድ-19 ውሑሳት ምኳነን ጌርካ ክዝረብ ዝከኣል ኣይኮነን።

ዋላ እኳ እቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ቁጽሪ ናብ መደምደምታ ዘብጽሕ ኣይኹን፡ ውሑዳት ቅድሚ ንቡር ግዜ ሕርሲ ዝተወልዱ ህጻናት ተራእዮም ኣለዉ። እዚ ተርእዮ ምስ መልከፍቲ እተን ነብሰጾር ኣዴታት ብሕማም ኮቪድ-19 ዘለዎ ምትእስሳር ግና ንጹር ኣይኮነን። መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ብመዳሕንቲ ኣቢሉ ናብቲ ኣብ ማህጸን ኣደ ዘሎ ዕሸል ዝሓልፍ እንተኾይኑ'ውን ዝተረጋገጸ ሓበሬታ የለን። ክሳብ ምንጪ እዚ ጽሑፍ ዝተሓትመሉ እዋን (መጋቢት 13, 2020) እውን እንተኾነ ካብተን በዚ ሕማም ተለኺፈን ዝጸንሓ ኣዴታት ዝተወልዱ ህጻናት ኩሎም ኣሉታ ውጽኢት ዘመዝገቡ እዮም ኔሮም።

ሓደ ክፍለጥ ዘለዎ ሓቂ ግና ሓንቲ ኣደ ካብቲ ካልእ እዋን ብዝተፈልየ ኣብ ግዜ ጥንሲ ንሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕማ ዝተሓተ ምኳኑ እዩ። እዚ ድማ ነቲ ጠንቂ ሕማም ኮቪድ-19 ዝኾነ ቫይረስ ዝያዳ ካልእ ሰብን ካልእ እዋንን ዝተቓልዐት ምኳና ዘረድእ እዩ። ስለዚ እቲ እንኮ ተግባራውን ዝለዓለ ግምት ዝወሃቦን ምርጫ፡ ከም ኩሉ ሰብ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ምክልኻል ጥራይ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ካብ በዚ ሳርስ-ኮቭ-2 ዝተለኽፉ ኣዴታት ዝውለዱ ህጻናት፡ ብመንገዲ እቲ ዝወስድዎ ጻባ ኣቢሉ እዚ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ይሓልፎም እንተኾይኑ'ውን ዝተረጋገጸ ሓቂ የለን። ልክዕ'ዩ ኣገዳስነት ጻባ ጡብ ኣደ ኣብ ምምዕባል ስርዓተ ምክልኻል ሕማምት ንህጻናት ዘለዎ ኣገዳስነት ዘይከሓድ እዩ። እዚ ይኹን እምበር ኣብ ፍሉይ እዋን፡ ህጻን ጻባ ጡብ ኣደ ንኸይወስድ ዘገድድ ኩነታት ከጋጥም ከምዝኽእል ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ዘይከምቲ ኣብ ነብሰጾር ኣዴታት ዝተመዝገበ ውጽኢት፡ ከም በዓል ሳርስ-ኮቭ-1 (ኢፍሉወንዛ) ዝኣመሰሉ ቫይረሳት ብመንገዲ ጻባ ጡብ ኣደ ናብ ህጻናት ውሉዳት ከምዘይሓልፍ ግና ኣቐዲሙ ዝተወስደ መጽናዕቲ የረጋግጽ።

ስለዚ እምበኣር፡ ሓንቲ ሕማም ኮቪድ-19 ከምዘለዋ ወይ ድማ ብጥርጣረ ኣብ ትሕቲ ሕክምናዊ ክትትል ዘላ ኣደ፡ ንውላዳ ጻባ ጡብ ናይ ምሃብ ውሳኔ ምስቲ ካብ ሰብ ሞያ ጥዕና ዝወሃባ ምኽሪ ተሳንያ ክትውስን ይግባእ። ጻባ ጡብ ክትህቦ እንተተወሲኑ ድማ ኣድላዪ ዘበለ ኣገባባት ምክልኻል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ክትክተል ከምዘለዋ ክትዝክር ይግባእ።

## ሓፈሻዊ ሕቶታት

- ኣብ እዋን ጥንሲ ክርአ ዝኽእል ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነት እንታይ ማለት እዩ፧
- ካብ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ናጻ እንተደኣኮይነ ኣብ ሆስፒታል ክሓርስ እኽእል'ዶ፧
- ኣብ መንጎ መልከፍቲ ሕማም ዚካ ቫይረስን ኮቪድ-19 ዘሎ ፍልልይ እንታይ እዩ፧

## ኣብ እዋን ጥንሲ



- ጽልዋ ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ኣደን ዕሸልን
- እዋናዊ ምኽሪ ንነብሰጾር ኣዴታት ንምክልኻል ሕማም ኮቪድ-19
- ኣብዚ እዋን ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ነብሰጾር ኣዴታት ማዕረ ክንደይ እየንንመልከፍቲ እዚ ሕማምን፡ ሓደገኛ ሳዕቤናቱን ቅሉዓት
- ሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ ምስ ኩነታት ነብሰጾር ኣዴታት ብምትእስሳር እንታይ ክበሃል ይከኣል


- ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ዘለዋ ኣደ ዝውለዱ ህጻናት ክወርዶም ዝኽእል ሳዕቤን እንታይ እዩ (ንኣብነት፡ ሕርሲ ቅድመ-ምዱብ ግዜ)
- ሳርስ-ኮቭ-2 ብመንገዲ መዳሕንቲ ኣቢሉ ናብ ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ናይ ምሕላፍ ተኽእሎ ኣለዎ’ዶ፧
- ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ከምዘለዋ ዝተረጋገጸ ኣደ ዝውለዱ ህጻናት፡ ኣብ ጊዘ ሕርሲ በዚ ሕማም ዝተለኽፉ ኣለዉ’ዶ፧

## ክንክን ኣደን ህጻንን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ

- ኣብዚ እዋን ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ኪጋጥም ዝኽእል ሕጽረት ሰብ ሞያ ጥዕና፡ መሳለጥያን ንምፍላይ በዚ ሕማም ዝተለኽፉ ግዳያትን ኣብ ክንክን ኣደን ህጻንን እንታይ ጽልዋ ኣለዎ፧ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታት’ከ እንታይ ይመስል፧
- ሓንቲ ኣደ በዚ ሕማም እንተደኣ ተለኺፋ፡ ነዚ ጠንቂ እዚ ሕማም ዝኾነ ቫይረስ ናብቲ ዝውለድ ህጻን ንኸይሓልፍ እንታይ ጥንቃቐታትን ስጉምትታትን ክትወስድ ይግባእ፧
- ህጻን ድሕሪ ምውላዱ’ኸ፡ መልከፍቲ ህጻን ንምውጋድ ካብቲ ህጻን ክፍለ ዘለኒ ተኽእሎ እንታይ ይመስል፧ ምናልባት እንተኣድለየ’ኸ ንኽንደይ መዓልታት ክቕጽል ትጽቢት ክገብር ኣለኒ፧

## ኣብ እዋን ምዕንጋል ጻባ ጡብ ኣደ

- እዚ ጠንቂ ሕማም ኮቪድ-19 ዝኾነ ሳርስ-ኮቭ-2 ዝተባህለ ቫይረስ ኣብ ጻባ ጡብ ኣደ ይርከብ ዶ፧
- መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ካብ ሓንቲ ኣደ ናብ ህጻን ብመንገዲ ጻባ ጡብ ወይ ካልእ መንገድታት (ምራቕ ኣብ ግዜ ሰዓል ኮነ ምህንጣስ) ክመሓላለፈሉ ዘሎ ተኽእሎታት እንታይ ይመስል፧
- ህጻን ጻባ ጡብ ኣደ ኣብ ዝዕንገለሉ እዋን፡ ሓንቲ እዚ ሕማም ኮቪድ-19 ከምዘለዋ ዝተረጋገጸ ወይ ድማ ብጥርጠራ ኣብ ትሕትቲ ሕክምናዊ ክትትል ዘላ ኣደ እንታይ ዓይነት ጥንቃቐታት እያ ክትወስድ ዘለዋ፧



## ክንክን ጥዕና ኣደ

- ኣብ ጥዕና ሓንቲ ኣደ ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት እንታይ የጠቓልሉ፧
- ኣብ ጥዕና ሓንቲ ኣደ እቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ኣገደስቲ ኩነታት (ነጥብታት) እንታይ እዮም፧
- ብዛዕባ እዞም ስዒቦም ዝቐርቡ ኹነታት ጥዕና ሕጽር ዝበለ መብርሂታት እንታይ ኣለዉ
    - ሕማም ልብን ሰራውር ደምን
    - መንሽሮ ጡብ
    - መንሽሮ ክሳድ ማህጸን
    - መንሽሮ ማህደረ እንቋቑሖ
    - ፍኹሰት ዓጽሚ
    - ቅዛነት

ነዚ ዝርዝር ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንሓንቲ ኣደ ናብዞም ሕማማት ዘቃልዕዋ ጠንቅታት እንታይ እዮም፧

---

ነዚኦምን ካልኦት ኣገደስቲ ሕቶታትን ንምምላስ እምበኣር ኣብቲ ንዕለት 28 መጋቢት ምስ ዶክ. ኣድያም ሃይለልኡል (ክኢላ ሕክምና ማህጸንን ፍርያምነትን) ብመስመር ቴሌፎን እንካይዶ መደብ ክትሳተፉ ንዕድም።

ዘለኩም ሕቶታት ኣቐዲምኩም ብጽሑፍ ኣብ መስመራት ቴሊፎን (ወይ ድማ email) ክትልእኩልና ትኽእሉ ኢኹም

